Sozialkonferenz
Kanton Zürich

# ኣብ መከራ ኣቲኹም?

### ሓጺር ሓበሬታ ብዛዕባ ድሕንነት (ሶሽያል ሓገዝ) ኣብ ካንቶን/ዞባ Zürich (ዙሪኽ) 2018

ኩነታት መከራ ብዙሕ ምኽንያታት ኣለዎም። ሽቕለተ-ኣልቦነት፣ ሕማም፣ ስድራዊ ኩነት፣ ግላውያን ሽግራት፣ ናይ ወልፊ ጸገማት ወይ ውሑድ ደሞዝ ምኽንያታት ናይ መከራ ክኾኑ ይኽእሉ።
ኣብ ገንዘባዊ ወይ ግላዊ መከራ ዘለው ሰባት ናብ ጨንፈር ድሕንነት ከተማኦም ክኸዱ ይኽእሉ።

## ድሕንነት እንታይ እዩ?

#### ድሕንነት ግላዊ ሓገዝን ገንዘባዊ ደገፍን እዩ ዘጠቓለል

ድሕንነት ናይ መወሰኺታ ሓገዝ እዩ። ኣማራጺታትን ናውትታትን ኣብ ዘየለው እዩ ዝሕግዝ።

ድሕንነት ነቲ ኩነት መከራ ክድምስስ ከምኡ'ውን ምትብባዕ ርእሰ-ምምሕዳራዊ ሕይወት ክፍትን እዩ ዝደሊ።

#### ግላዊ ሓገዝ

ግላዊ ሓገዝ ማለት ምምካርን ምስናይን ኣብ ናይ መዓልታውያን ሕቶታት። ጨንፈር ድሕንነት ዋሕስ ንጽቡቕን ምኩርን ሓገዝ እዩ ዘውፊ። እዚ ግላዊ ሓገዝ ወለንታውን ነጻን እዩ። ኣድላይ ተኾነ ምስ ሞያውያን ፍሉያት ጨናፍር ርክብ ክግበር እዩ። ሽዑ ብልምዲ ብገንዘብ እዩ ዝኸውን።

#### ገንዘባዊ ደገፍ

ገንዘባዊ ደገፍ ንመሰረት ሶሽያል/ሕብረተሰባዊ መነባብሮ እዩ ዝሰከም። እቲ ውሑድ ደሞዝ ወይ ደሞዝ ፈጺሙ ዘይብሉ፣ ኣብቲ ጨንፈር ድሕንነት ሕቶ ገንዘባዊ ደገፍ ክገብር ይኽእል እዩ። ሽዑ ገንዘብ ንመነባብሮ እንተዘሎ ክምርመር እዩ፣ ከምኡ'ውን ንክፍሊታት መቐመጢ፣ ሕክምናዊ መሰረታዊ ክንክንን ተወሰኺ ኣድለይቲ ወጻኢታትን።

#### ምቅማር ሶሽያል መነባብሮ

እቲ ሶሽያል መሰረታዊ መነባብሮ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ጉዳይ ብሕጋጋት SKOS (http://richtlinien.skos.ch) እዩ ዝውሰን። እቲ ጨንፈር ድሕንነት ምስቶም ሓተቲ ሰባት ነቲ ግላዊ ወርሓዊ ባጀት ክቅምር እዩ። ኣብ ባጀት እቶም ኣድለይቲ ወጻኢታትን እቶታትን (ደሞዝ፣ መዓልታዊ ገንዘብ፣ ጥሮታ፣ ቀለብ ቆልዓ፣ ክፍሊታት ቆልዑ፣ ሊቅነት፣ ክፍሊታት ዘይተመርዓወ ዕርክነት ወዘተ.) ሽዑ ተዘርዚሮም እዮም። ሽዑ እቲ ዝተቀመረ ፍልልይ ኣብ መንጎ ኣድለይቲ ወጻኢታትን እቶታትን ነቲ ገንዘባዊ ደገፍ ሽዑ የስዕብ እዩ (መእተዊ ደረት)።

## መሰላትኩም

#### ምርግጋጽ መነባብሮ

ቅዋማት ሃገርን ዞባ/ካንቶን ዙሪኽን መሰል ሓገዝ ኣብ መከራታት እዮም ዘረጋግጹ። ተወሳኺ ኣከያይዳ ድሕንነት ኣብ ዞባ ዙሪኽ ኣብ ሓደ ሕጊ ከምኡ'ውን ኣብ ሓደ ናይ ሕጋጋት ስርዓት ተጻሒፉ።

Sozialkonferenz
Kanton Zürich

### ናይ ምስጢራውነት ግዴታን ብሑትነትን

እቶም ሰራሕተኛታት ጨንፈር ድሕንነት ንቤት-ጽሕፈታዊ ምስጢር ከኽብሩ ኣለዎም ከምኡ'ውን ብሑትነት ከረጋግጹ ኣለዎም። እቲ ኣድላይ ብሑትነት ርጉጽ እዩ።

### ብምዝራብ ምስታፍ

ብነፍሲ-ወከፍ ንክትዛረቡን ከምኡ'ውን ጥዑይ ምምካር ንክትቕበሉ መሰል ኣለኩም። ድልየታትኩም ኣብቲ ደገፍ ውን ኣብ ግምት ክኣትዉ እዮም።

### ስጉምትታት ኣበርክቶ

ኣብ መዓልታዊ መደብ ናብራኹም ዝሕግዙኹም ስጉምትታት መሰል ኣለኩም። እዚኦም ንኩነት ናብራኹም ከመሓያይሹ እዮም ዘገልግሉ። ሓደ ፍሉይ ናይ ምውህሃድ መንፍዓት እንተገርኩም፣ ገንዘባዊ መወሰኽታ ኢኹም ክትወሃቡ። ቦታ ስራሕ እንተሎኩም፣ ተወሳኺ ገንዘባዊ ደገፍ እንተዘድልየኩም፣ (ብቀረጽ) ነጻ መጠን ገንዘብ ክትወሃቡ ኢኹም።

### ጽሑፋዊ ውሳነ

ጽሑፋዊ ውሳነ ብዛዕባቲ ገንዘባዊ ደገፍ ንክትቕበሉ መሰል ኣለኩም። እንተ ደኣ ዘይተሰማሚዕኹም ኮንኩም፣ ክትቃወምዎ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ከኣ ኣበይን ከመይን መዓስን ክትገብሩ ከምትኽእሉ ኣብቲ ውሳነ ተጻሒፉ።

## ግዴታታትኩም

### ሓበሬታን ተሳትፎን

ብምልኡን ብሓቅን ብዛዕባ ደሞዛትኩምን ርእሰ-ማልኩምን ከምኡ'ውን ብዛዕባ ግላውያን ኩነታትኩም ክትሕብሩ ኣለኩም።

ሰነዳት ከም ናይ ክራይ ውዕላት፣ መረጋገጺታት ኢንሹራንስ ጥዕና፣ ናይ ደሞዝ ጸብጻባት፣ ውሳነታት ቤት-ፍርዲ፣ ቅብሊታት ባንክ፣ ወዘተ፣ ከተቕርቡ ኣለኩም። ዝኾነ ለውጢ ብቕልጡፍን ከይተሓተትኩምን ሓብሩ ኢኹም።

### ውልቃዊ ተበግሶን ካሕሳን

ግላውን ገንዘባውን ኩነትኩም ንክተመሓይሹ ዝኾነ ዝከኣለኩም ክትጽዕሩ ኣለኩም። ንኣብነት ቦታ ስራሕ ብምውሳድኩም ወይ ኣብ ስራሕ ብምእታውኩም። እዚ እንተዘይትገብሩ፣ መሰል ገንዘባዊ ደገፍ ክትስእኑ ትኽእሉ ኢኹም። እቲ ጨንፈር ድሕንነት፣ ኩነት ናብራኹም ንክተመሓይሹ ስራሓት ንክትሰርሑ ክእዝዘኩም ይኽእል። እዚኦም ስራሓት ሽዑ እንተዘይትገብሩ እቲ ገንዘባዊ ደገፍ ክጐድል ይኽእል።

### ምላስ

እቲ ዝተወሰደ ገንዘባዊ ደገፍ ክትመልሱ ኣለኩም፣ እንተ:-

- ነቲ ማዕረ እዋን ጥሮታት ወይ መዓልታዊ ክፍሊት ወይ ካልኦት ክፍሊታት ትቕበሉ፣
- ድሓር ኣብ ጽቡቕ ወይ ኣዝዩ ጽቡቕ ገንዘባውያን ኩነታት ክትኣትዉ፣ ንኣ. ብውርሻ፣ ህያብ፣ ብዙሕ ደሞዝ፣ ምስዓር ኣብ ሎተርያ።

እቲ ዝተወሰደ ገንዘባዊ ደገፍ ክትመልሱ ኣለኩም፣

- ብሰንኪ ግጉይ ወኡ ዘይምሉእ ሓበሬታ እንተተዋሂብኩሞ ናይ ግድን ክትመልስዎ ኣለኩም፣
- ወይ ንካልእ ዘይተሓሰበ ዕላማ እንተ ተጠቒምኩምሉ ምናልባሽ ክትመልሱዎ ኣለኩም።

### ደገፍ ኣዝማድ

እቲ ጨንፈር ድሕንነት፣ ወለድኹምን ደቅኹምን ኣቦሓጎኹምን ዓባይኩምን ኣብ ጽቡቕ ገንዘባዊ ኩነት እንተ ደኣ ዝነብሩ፣ ክምርምር እዩ። ከምኡ እንተኾነ፣ እዚኦም ኣዝማድ ክሕተቱ እዮም። ብዝኾነ ጉዳይ ኣብቲ ገንዘባዊ ደገፍኩም ብብቑዕ ክትሳተፉ ግዴታ ኣለኩም።

### ንሰ-መቕጻዕቲ

ግጉይ ወኡ ዘይምሉእ ሓበሬታ እንተትነግሩ ወይ ገለ ነገር እንተትሽፍኑ፣ ብጌጋ ገንዘባዊ ደገፍ እንተትወስዱ፣ ካብቲ ጨንፈር ድሕንነት ክትኽሰሱ ኢኹም። ኣብ ፍርዲ ብሰንኪ ዘይሕጋዊ ምውሳድ ድሕንነት ብሕጊ ኣርት. 148a መጽሓፍ ሕጊ መቕጻዕቲ፣ ቤት-ማእሰርቲ ክሳብ ሓደ ዓመት ወይ ገንዘባዊ መቕጻዕቲ ክትጽበዩ ኢኹም። ከም ወጻእተኛ ብዝተረፈ መሰል ጽንሓትኩም ኣብ ስዊዘርላንድ ክትስእኑ ትኽእሉ። ካብቲ ሃገር ሽዑ ክትወጽኡ ትኾኑ ከምኡ'ውን እገዳ ምእታው ካብ ሓሙሽተ ክሳብ 15 ዓመታት ክወሃበኩም ይኽኣል።

Sozialkonferenz
Kanton Zürich

## ምኽራ-ጥበባዊ ሓበሬታ

ኣብ መከራ እንተ ኾንኩም፦

- ነቲ ጨንፈር ድሕንነት ብእዋን ርኸብዎ ኢኹም።
- ምስቲ ጨንፈር ድሕንነት ብተለፎን ቆጸራ ግበሩ ኢኹም።
- ነቲ ቀዳማይ ዝርርብ ዝኾኑ ግላውን ገንዘባውን ኩነትኩም ክትገልጹ እትኽእሉ ሰነዳት ተማልኡ ኢኹም።

ብኽብረትኩም ኣስተውዕሉ፦

- ናይ ግሊ ልቓሓት ንምሕላፍ ገንዘባዊ ቅልውላው ንኩነትኩም የገድዱ እዮም ከምኡ'ውን መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ዕዳታት ከእትውኹም። ጨንፈር ድሕንነት ብዝሓሸ ክሕግዘኩም ይኽእል።
- ኣብቲ ቀዳማይ ዝርርብ ምስ ኣየኖት ካልኦት ጨናፍር ገና ርክብ ከምዘለኩም ሓብሩ ኢኹም (ንኣ. ማእከል ቆልዑን መንእሰያትን kjz፣ መከላኸሊ ቤት-ጽሕፈት ዓበይቲ/ብጹሓት KESB፣ ጨንፈር IV፣ RAV፣ ናይ ግሊ ወይ ወግዒ ሞያውያን ጨናፍር)።

## ናተይ ጨንፈር ድሕንነት ኣበይ እዩ?

ናይ ከንን ወይ ሕብረተሰብ ቤት-ጽሕፈት፣ ሶሽያል ኣገልግሎት ወይ ጨንፈር ድሕንነት መቐመጢ ከተማኹም ንዓኹም ተሓተቲ እዮም። ርግጸኛ እንተዘይኮንኩም እቲ ላዕላይ ቤት-ፍርዲ ከተማኹም ሓበሬታ ይህብ እዩ። ኣብ ከተማ ዙሪኽ እቲ ንመቐመጢ ኣድራሻኹም ተሓታቲ ዝኾነ ማእከል ሶሽያል ርክቡ ኢኹም።

ኣብ ከተማና ተሓታቲ፦

______________________________________________________________________________

____________________________________________________________

ሓበሬታ ብዛዕባ ድሕንነት ዋላ ኣብ ኢንተርነት ክትረኽቡ ኢኹም ፦

መጽሓፍ መምርሒ ቤት-ጽሕፈታት ድሕንነት ዞባ ዙሪኽ፦ www.sozialhilfe.zh.ch

ሶሽያል ኣኼባ ዞባ ዙሪኽ፦ www.zh-sozialkonferenz.ch

ናይ ስዊዘርላንድ ኣኼባ ንድሕንነት፦ www.skos.ch

ሕጋዊ ሓበሬታ፡-
ብዝስዕብ ተሓቲሙ፡-

Sozialkonferenz des Kantons Zürich (ሶሸያል ኣኼባ ዞባ ዙሪኽ)

Kantonales Sozialamt Zürich (ዞባዊ ቤት-ጽሕፈት ድሕንነት ዙሪኽ)

2018፣ ሓድሽ ሕታም